# ድሕሪ ዋዕላ ኣዋሳ "ሓድሽ ግብረ ሽበራ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እንታይ እዩ መልእኽቱ?።

## 2ይ ክፋል

### ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን መርበብ ደቀባት ኤርትራ 23.01.2012

ኣብዚ ሰሙናት'ዚ "ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዞባ ዓፋር ዝርከብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ኣብ ልዕሊ "ኤውሮጳውያን ቱሪስቲ ሓድሽ ግብረ ሽበራ ተፈጺሙ" ዝብል ወረ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝውነን ተለቪዥንን ራድዮን፣ ከም ቀዳማይ ዜና ኮይኑ ክዝርጋሕ ቀንዩ። እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ'ቲ ንዓለም ዝዝርጋሕ ዘሎ ዜና ከኣ፣ "እዚ ኣብ ልዕሊ "ኤውሮጳውያን ቱሪስቲ ተፈጺሙ ዘሎ ሓድሽ ግብረ ሽበራ'ዚ፣ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ መንግስቲ ኤርትራ እዩ" ዝብል እዩ።

ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ግና ነዚ "ኣብ ልዕሊ "ኤውሮጳውያን ቱሪስቲ ተፈጺሙ ዘሎ ሓድሽ ግብረ ሽበራ'ዚ፣ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ" ክብል ተቓዊሙዎ።

ብዓለምለኻዊ መዳይ ከኣ መንግስቲ እንግሊዝ ነቶም ዝተጨውዩ ወጻእተኛታት ነጻ ንምውጽእን፡ መኽንያት መጭወዪኦምን፡ መን ከምዝጨወዮምን እተጻረ 6 እንግሊዛውያን ሰበስልጣን ዝኣባላታ ጒጅለ፣ ብቐዳም 21.01.2012 ዓ.ም.ፈ. ንኣዲስ ኣበባ ከምዝኣተወት ዜና ቢ.ቢ.ሲ. ሓቢሩ። ካብቶም ዝተላእኩ እንግሊዛውያን ሓደ ጒጅለ ከኣ ኣብታ ንሰሜናዊ ምብራቕ ዞባ ዓፋር ዝቐረበት ከተማ መቐለ ከምዝበጽሑ ተሓቢሩ።

**"እምነት ጽቡቕ እዩ ምቁጽጻር ግና ዝበለጸ'ዩ" ከምዝብሃል፡ ብርግጽ ኣብዚ በጺሕናዮ ዘሎና እዋን፣ ንሓደ ዝተዘርግሐ ዜና ከይተመራመርካ ብእምነት ጥራይ ምቕባል ግርህነት እዩ። ስለዚ ነዚ "ሓድሽ ግብረ ሽበራ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዞባ ዓፋር ተፈጺሙ" ዝብሃል ዘሎ ዜና፣ ነፍሲወከፍ ተኻታታሊ ሰብ ብስምዒት ዘይኮነስ ብኣድህቦ ተመራሚሩ ነቲ ሓቅነቱ ክፈልጦ ከሎ ጥራይ እዩ ሓቀኛ ኮይኑ ክእመን ዝኽእል።**

## እስከ'ምብኣር ብሕቶን መልስን ኣሰኒና ንመራመረሉ።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ዶባዊ ግርጭታት ተፈጢሩ'ዶ ይፈልጥ?

መልሲ:- እወ ኣብ ኣከባቢ ባድመን ጾሮናን ጢያን ወዘተ… ተፈጺሙ ነይሩ።

እቲ ዝተፈጥረ ዶባዊ ግርጭትከ ብሰላም'ዶ ዓሪፉ ?

መልሲ:- ኣይፋሉን ካሳብ 200.000 (ክልተ ሚእቲ-ሽሕ) ዝኾኑ ሰራዊት ካብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሃሊቖም። ፍርቂ ሚልዮን ዝኾኑ ህዝቢ ናብርኦም ተዛናቢሉ ግዳይ ስደትን ጥሜትን ዕርቃንን ከኣ ኮይኖም። ማእለያ ዘይብሉ ንብረት ህዝቢ ድማ በሪሱ።

መልሲ:- እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝጸንሐ ታሪኻዊ መስርሕ ወያኔን ህግደፍን እንተድኣ ተኻታቲልናዮ፣ መራሕቲ ወያኔ ንወደብ ዓሰብ ወሪሮም ክሕዙ ቀንዲ ሕልሞም እዩ።

ንመረዳእታ ስብሓት ነጋ (ወልደስላሴ ነጋ) ዝተባህለ ኣባል ቤት ምኽሪ መንግስቲ ኢትዮጵያን፣ "ቀንዲ ተጸዋዒን ሓላፊን ሰላምን ልምዓትን"፡ ብ10 ሰነ 2009 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ዋሺንግቶን ገሹ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ በቲ ብቋንቋ ኣምሓሪኛ ዝፍኖ ራድዮ ቮይስ ኦፍ ኣመሪካ ቃል-መጠይቕ ገይሩሉ ዝነበረሉ እዋን፣ ከምዚ ክብል ብዛዕባ ወደብ ዓሰብ መሊሱ:- "ወያኔ ንወድብ ዓሰብ ዘይምሓዙ ጌጋ ፈጺሙ እዩ"። ስለዚ መራሕቲ ወያኔ ንወደብ ዓሰብ ንምቁጽጻር፣ ሕልሞም ከምዝኾነ ብቃል-መሕተት ስብሓት ጥራይ ዘይኮነ ካልእ ብዙሕ ሕቡእን ግሁድን ጭብጥታት'ውን ኣሎ። ነቲ ካልእ ስነ-ኣእምራዊ ወፍሪ መራሕቲ ወያኔ እንተድኣ ኣስተብሂልናዮ'ውን፣ ብዛዕባ ሕቶ ኤርትራ እንታይ ክገብሩ ከምዝደልዩ ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል ኢና።

እዚ "ሓድሽ ግብረ ሽበራ'ዚ" ብፍላይ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ "ዞባ ዓፋር" ስለምንታይ ተፈጺሙ? ንዝብል ሕቶ'ውን መልሱ ቀሊል'ዩ። እዚ ኣብዘን ሰሙናት'ዚኤን ዝፍኖ ዝቐነየን ዘሎን ወረታት ኣንተ ኣስተብሂልናሉ'ውን፣ ንጕዳይ ወደብ ዓሰብ ንምውራር ዝፍሓስ ዘሎ ሰበብ ጥራይ ምኻኑ'ዩ ዝሕብር። ንኣብነት ብወያኔ ዝሕገዙ "ውድባዊን ብሄራዊን ቃልሲ ነካይድ ኣሎና" ዝብሉ ሓያሎ ሓይልታት ዓፋር ኣለው። እዞም "ሓይልታት ኢና" ብሃልቲ ደቂ ዓፋር ድዮም፣ ሕውስዋስ ደቂ ትግራይ፣ ብሓልዮት ወያኔ እዮም ዝሕገዙ። እቲ ቀንዲ ራእዪ ኣዞም ውድባት እዚኣቶም ድማ: ንደንከል ካብ ኤርትራ ፈሊኻ ምስ "ዓባይ ትግራይ" ንምሕዋስ እንተዘይኮይኑ፣ ንህዝብን ብሄርን ዓፋር ደንጊጾምሉ ኣይኮኑን።

እዚ "ሓድሽ ግብረ ሽበራ" ኣናበለ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘጋንኖ ዘሎ፣ ስለምንታይ ኣብ ካልእ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘይተፈጸመ? እንታይ እዩ እቲ ቀንዲ ተልእኾኡ'ኸ?
ንዝብሉ ሕቶታት'ውን ቀሊል እዩ መልሶም። ዓቕሚ መራሕቲ ወያኔ ንህውከትን ንናዕብን ኣንተዘይኮይኑ፣ ንሰላምን ቅሳነትን ሓሲቡ ስለዘይፈልጥን፣ ኣብ ስልጣን ጸኒሑም ዘለው'ውን፣ እቶም ስዉራትን ግሁዳትን ባዕዳውያን ሃገራት: ንረብሓኦም መታን ክሕለወሎም'ዮም ስለዝደለዩ ጥራይ እዩ። ቀንድሲ ተልእኾኦም ድማ፣ ነቲ ብ1991 ዓ.ም.ፈ. ብደም ህዝቢ ኤርትራ ዝተመለሰ ሕቶ ነጻነት ኤርትራ፣ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክእትው'ምበር ንሃገር ክምርሑ ኢሎም ኣይኮነን።

ድሕሪ ኵናት ባድመ፣ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ውዲት ብዛዕባ ጕዳይ ወደብ ዓሰብ ክሽውን ከምዝኽል፣ ኤርትራዊ ከይደቀሰ ዝሓለሞ እዩ። መኽንያቱ ሰራዊት ወያኔ ድሕሪ ባድመ ምቍጽጻሩ፣ ንወደብ ዓሰብ ክሕዝ ፈቲኑ ከብቅዕ፣ ብጀጋኑ ኤርትራውያን ግና ተሳዒሩ እግረይ ኣውጽእኒ ኢሉ ንኢትዮጵያ ኣንሳሒቡ እዩ። ካብኡ ጀሚሮም እምብኣር መራሕቲ ወያኔ ሰበብ ክፍሕሱ ብዙሕ ዕንክሊልል ክብሉ እዮም ጸኒሖም። ንኣብነት ንውድባት ኤርትራ ንኽይቃለሱ መታን ከቃልሱዎም፣ ሓንሳብ ብምሕዝነት: ሓንሳብ ኪዳብ: ሓንሳብ ንብሄር: ሓንሳብ ድማ ብሃገራዊ ዋዕላ እናበሉ ክእክቡዎምን ክፍንጥሑዎምን ዕንክሊል ከብሉዎም ጸኒሖም'ዮም። ድሕሪ "ዋዕላ ኣዋሳ" ድማ እንሆ ሓዲሽ ውዲት "ሓድሽ ግብረ ሽበራ" ተማሂዙ።ድሮ ከኣ መንግስቲ ወያኔ "ሓድሽ ግብረ ሽበራ" መንግስቲ ሻዕብያ ምሂዙልና እናበለ የጋንን ኣሎ። እቲ ቀንዲ ዝግበር ዘሎ ግና ቃንዲ ሕቡእ ኣጀንዳኡ፣ ንወደብ ዓሰብ ንምውራር ዝተማህዘ እከይ ውዲት እዩ። ኣብዚ ውዲት'ዚ ድማ ዓቢ ኢድ ስለላ መርበባት ኤውሮጳን ኣሜሪካን እስራኤልን፣ ብዓቢኡ'ውን ኢሰያስ ባዕሉ ኣለዎ።

ስለምንታይከ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዓቢ ጕዳይ ተወሲዱ ሰፊሕ ፕሮፓጋንዳ ንዓለም ይዝርጋሕ ኣሎ? ኵሎም ዝሓለፉ መንግስታት ኢትዮጵያ: ብህዝቢ ኢትዮጵያ ህዝባዊ ናዕቢ ክመጾም ክጅምር ከሎ፣ እታ ቀመም ፖለቲካኦም ዝኾነት ጕዳይ ኤርትራ ኣልዒሎም ጥራይ እዮም ንህዝቢ ከሃምልዎ ጸኒሖም። እቲ ገርህኛ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከኣ ውሽጣዊ ሽግሩ ደስኪሉ ከሎ፣ ፕሮፖጋንዳ መራሕቱ ሰሚዑ: ኣብ ኵናት ኤርትራ ክጥጠቕ ፍርቂ ዘመን ሓሊፉ እዩ። እቶም ብዝሓለፈ ታሪኽ ዘይምሃሩ መራሕቲ ወያኔ እንተኾኑ'ውን፣ ሎሚ ድሕሪ ፍርቂ ዘመን: ኣብ ክንዲ ንክልተ ህዝብታት ኣሳንዮም ክመርሑዎም ዝፍትኑ፣ ማለት ኣብ ክንዲ መሳርሒ ህዝቦም ዝኾኑ፣ መሳርሒ ባዕዳውያን ኮይኖም። ኣብ ክንዲ ምኽሪ ህዝቦም ዝሰምዑ ድማ፣ ምኽሪ ባዕዳውያን ክሰምዑ መሪጾም። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጥሜትን መከራን እናተሳቐየ ከሎ፣ ምስቲ ሓደ ቅርሺ ክልተ ገጽ ዝኾነ ወዲ ሓወቦኦም ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንኽምስሉ ኣናተሃላለኹ፣ ከም ኣመሎም ኵናት ክጽሕትሩ ጥሩምባ ኵናት ይነፍሑ ኣለው።

ስለምንታይከ ቅድሚ ዝኾነት ኤውሮጳዊት ሃገር፣ ብፍላይን ካብ ሃገር እንግሊዝ ሰበስልጣን ንኢትዮጵያ ተላኢኾም?
ኩሉ ግዜ ካብ እዋን ሃጸይ ተድሮስ ጀሚሩ፣ መንግስቲ እንግሊዝ ንኢትዮጵያ ከም ግዝኣቱ እዩ ዝፈልጣ። ንጕዳይ ኤርትራ ካብቲ ድሕሪ ምውጻእ ኮሎንያል ጣልያን ንነጻነት ኤርትራ ዝተጻብኤ መንግስቲ እንግሊዝ እዩ ነይሩ። ኣማኸርቱ ንጉስ ሃይለስላሴ መንግስቲ ኢንግሊዝ እዮም ነይሮም። መጀመርያ ግዝያዊ መንግስቲ ደርጊ ክቐውም ከሎ እንተኾነ'ውን፣ ቀዳመይቲ ሃገር ልኡኻታ ንሓዲሽ ግዝያዊ መንግስቲ ዝልኣኸትን፣ ንግዝያዊ መንግስቲ ደርጊ ገና ወግዓዊ መንግስቲ ከይኣኸለ ከሎ ዝኣመነትሉን: መንግስቲ ኣንግልዝ እያ ነይራ። መንግስቲ ወያኔ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ድማ እቶም ዝበዝሑ ክፍሊ ጸጥታ መንግስቲ ወያኔ፣ ብስለለ መርበብ እንግሊዝ እዮም ሰልጢኖም። ሎሚ'ውን እንተኾነ ኣባላት ስለላ መርበብ ኢትዮጵያ፣ ከም ብዓል ገዲም ወጻኢ ሚንስተር ስዩም መስፍን ቀንዲ ርክቦም ምስ ስለላ መርበብ እንግሊ ኤ5ን ኤ6ን እዩ። መለስ ዜናዊ

ከኣ ምስቲ ቅያር ሄንሪ ኪሲንጀር ኮይኑ: ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤውሮጳን ወኪሉ፣ ቀንዲ ልኡኽ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ (ሃገራት ኣዕራብ) ኮይኑን ዘገልግል ዘሎ፣ 1ይ ሚንስተር ሃገር እንግሊዝ ነበር ቶኒ ብለየር፣ ቀንዲ ኣማኻሪኡ እዩ ዘሎ። ስለዚ ኣብዚ ተኣፋፊ እዋን'ዚ ድማ ቅድሚ ዝኾነት ኤውሮጳዊት ሃገር፣ ብፍላይን ካብ ሃገር እንግሊዝ ሰበስልጣን ንኢትዮጵያ ምምጽኦም ታሪኻዊ ተልእኾ ስለዘለዎም ጥራይ እዩ።




መለስ ዜናዊ ምስቲ ቅያር ሄንሪ ኪሲንጀር ኮይኑ: ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤውሮጳን ወኪሉ፣ ቀንዲ ልኡኽ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ (ሃገራት ኣዕራብ) ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ፣ 1ይ ሚንስተር ሃገር እንግሊዝ ነበር ቶኒ ብለየር፣ ቀንዲ ኣማኻሪኡ እዩ ዘለዎ።

Until quite recently Zenawi's stock in Western circles was very high indeed. Third Way politicians like Bill Clinton and Tony Blair lionized Meles as part of a 'new generation of leaders for Africa'. He was even made a key figure in Tony Blair's Commission on Africa in 2005. Here, after all, was a sophisticated, urbane man, willing to listen respectfully to all the Western cant about open markets, privatization and structural adjustment.
http://findarticles.com/p/articles/mi_m0JQP/is_390/ai_n16619213/
Mr Meles has emerged as a strong champion for Africa, representing the continent at a number of G8 meetings, Tony Blair's Commission for Africa and in December 2009, the climate change negotiations in Denmark.
http://news.bbc.co.uk/2/hi/4545711.stm

መንግስቲ ኢትዮጵያ ብፍላይ ነቶም "ተጨውዮምን ተቀንጺሎምን" ዝብሃሉ ዘለው "ኤውሮጳውያን ቱሪስቲ ስለዝሓለዩሎም ድዮም ብዙሕ ፕሮፓጋንዳ ዝነዝሑ ዘለው ?
ኣይፋሉን፣ እቲ ጉዳይ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ስለዘለዎ እዩ። ክሳብ ሎሚ እቶም "ተጨውዮምዶ ተቐንጺሎም" ዝብሃሉ ዘለው ኤውሮጳውያን፣ ቱሪስት ድዮም ሰለልቲ ብዛዕባኦም ዝተረጋገጸ ጭብጢ የለን። ምርምርን መጽናዕትን ከይተገብረ ግና መንግስቲ ወያኔ ብራድዮን ተለፊቪዥንን ንህዝቢ ስምዒቱ መዝሚዙ ኣእዛኑ የጽምሞ ኣሎ። ብዙሕ ፕሮፓጋንዳን ምፍርራሕን እናገበረ ከኣ ደወል ኲናት ይድውል ኣሎ። ብሓጺሩ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፣ መንግስቲ መለስ በዚ "ሓድሽ ግብረ ሽበራ" እዚ ኣሳቢቡ ኣብ ኣውራጃ ደንከል ኲናት ክውልዕ እሞ፣ ንወደብ ዓሰብ ክወርር እዩ እቲ ሕልሙ።

## እስከ ብዛዕባ ተቓወምቲ ወይ ገድሊ ኣፋር ክንፍትሽ

ንምዃኑ ተቓወምቲ ወይ ገድሊ ኣፋር ዝብሃሉ፣ ኣፋርን ከባቢ ደንከልን ኣለዉዶ? መንዮኸ ዝሕግዞም ?
ርግጽ'ዩ ንዓፋር ወይ ንደንከል ነጻ ከነውጽእ ኢና ዝብሉ ሓያሎይ ውድባት ኣለው። ንሳቶም ድማ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ እዮም ዝሕገዙ። ንኣብነት 3 ካብኣቶ እዞም ዝስዕቡ ውድባት እዮም። እዞም ኣብ ትሕት ኢሎም ተጠቒሶም ዘለው ውድባት እዚኦም፣ ምስተን ኣብቲ ብ1997 ዓ.ምፈ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ሃገራዊ ምርጫ፣ 65 ሰልፍታት ከም ኢትዮጵያውያን ኮይኖም ዝተመዝገቡ እዮም። ስለዚ ራእዩኣኦም ምስ "ዓባይ ትግራይ" እዩ።

| | |
|---|---|
| 1) ግንባር ሓርነት ኣፋር | **ALF:** *Afar Liberation Front*); |
| 2) ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኣፋር ( | **ANDM:** *Afar National Democratic Movement*); |
| 2) ተጋድሎ ሓርነት ኣፋር | (**ANLF:** *Afar National Liberation Front*) |

መተሃሳሰቢ፣ እዚ መኽንያት "ሓድሽ ግብረ ሽበራ" ኣናበለ ማዕከን ዜናታት ኢትዮጵያ ዝዝርግሃኦ ዘለዋ ፕሮፓጋንዳ ብምስትብሃል ክንከታተሎ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ግዜ ባዕሉ ክሕግዘና እዩ። ግና ካብ ኲነታት ምስ "ኮነ ዋይ ኣነ ሽ"! ንብል ኣቐዲምና ንጠባይ ወያኔን ህግደፍን ክነለልዮ ይግብኣና። ርግጽዩ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ስኣን ፍልጠት ክጠፍእ ከምዝጸንሐን ገና'ውን ይጠፍእ ከምዘሎን ርዱእ እዩ። ግና እቶም "ተማሂርና ኢና: ተጋዲልና ኢና: ተመኺሮ ኣሎና: ዝብሉን ደቂ ሃገር፣ ነቲ ሓቂ ፈቲሾም ረኺቡም ንህዝቦም ክሕብሩ እንተድኣ ክኢሎም ኦኣቢ ታሪኻዊ ኣበርክቶ እዩ።

# በትሪ ሓቂ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን!

ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን መርበብ ደቀባት ኤርትራ 23.01.2012